UK Health Security Agency

NHS

ንደቒ ሓደ ዓመት ህጻናት ዝምልከት

# ናይ ክታበታት መምርሒ



ካብ ለካቲት 2022 ንዳሓር ክወሃቡ ንእተሰርዑ ክታበታት የጠቓልል

immunisation

the safest way to protect your child

# ፕሮግራም ክታበት ህጻናት

ኣብ ነፍሲወከፍ ቈጸራ ቀያሕ መጽሓፍ ናይ ክታበት ተማሊእኩም ክትመጹ ከምዘለኩም ኣይትረስዑ።




ቅዳሕ ናይ`ዞም ንኡሳን-መጻሕፍቲ ካብ ክሊኒክኩም ወይ ካብ ክፍሊ መጥባሕቲ ናይ ዶክተር ክርከቡ ዝከኣል`ዩ። ከምኡ`ውን www.nhs.uk/vaccinations ተወከሱ


እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ፡ ካብ ለካቲት 2022 ንዳሓር ክወሃብ ንእተሰርዐ ክታበት የጠቓልል

# ጽማቖ ትሕዝቶ

## ንደቅና ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዕድሚኦም ዝወሃብዎም ክታበታት ኣየኖት እዮም?

ደቅና ናብ ቈጸራ ናይ ቀዳማይ ዓመት ዕድሚኦም ኣብ ዝቐርቡሉ እዋን፡ እዞም ዝስዕቡ 4 መራፍእ ክታበት ክወሃብዎም እዮም፦

- ናይ **MenB** ኣበራታዒ ክታበት
- ናይ **Hib/MenC** ክታበት ኣንጻር፦
  - Hib (ኢንፍሉዌንዛ ሄሞፊለስ ዓይነት-b)፡ ከምኡ'ውን
  - ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-C (MenC)
- ናይ **PCV13** ኣበራታዒ ክታበት ኣንጻር፦
  - ብሰንኪ ገለ ዓይነት ባክተርያ ኒሞኮካል ዝስዕብ ሕማም ኒሞኮካል
- ፈላሚ ናይ **MMR** ክታበቶም፡ ማለት ኣንጻር፦
  - ንፍዮ
  - ጽግዕ (ሰኽሰኽታ)
  - ሩቤላ



# ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዕድመ ዝወሃብ ክታበት

## ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቢ./Hib፡ ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-B ከምኡ`ውን C፡ ሕማም ኒሞኮካል፡ ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን

### ኤች.ኣይ.ቢ./Hib እንታይ እዩ?

ኤች.ኣይ.ቢ./Hib ክበሃል እንከሎ መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል)፡ ሰፕቲሰሚያ (ምምራዝ ደም)፡ ብዝያዳ ኣብ ህጻናት ዝኽሰት ተርእዮ ኒሞንያን ካልኦት ዝተፈላዩ ዓይነት ዓበይቲ ሕማማትን ከስዕብ ዝኽእል ዓይነት ረኽሲ እዩ።

ክታበት Hib/MenC `መኒቶሪክስ` (Menitorix) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ኣብ`ዚ ገጽ መርበብ እዚ ንተሓከምቲ እተዳለወ በራሪ ጽሑፍ ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም፦
www.medicines.org.uk/emc/product/167/pil.

### ሕማም መኒንጎኮካል እንታይ እዩ?

ሕማም መኒንጎኮካል፡ ኣብ ህጻናትን ነኣሽቱ መንእሰያትን መኒንጃይቲስ ድዩስ ምምራዝ ደም ከስዕብ ዝኽእል ከቢድ ረኽሲ እዩ።

ኣብ`ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ግሩፕ-B ባክተርያ መኒንጎኮካል (MenB) ቀንዲ ጠንቂ ተርእዮታት ሕማም መኒንጎኮካል እዮም። ብኣንጻሩ፡ ሕማም ግሩፕ-C መኒንጎኮካል (MenC) ሳሕቲ ጥራይ ዘጋጥም ኰይኑ ኣሎ፤ ምኽንያቱ መብዛሕትኦም ነኣሽቱህጻናትን ኰተትየታትን ክታበት ናይ MenC ወሲደም እዮም።

ናይ MenB ክታበት `ቤክሴሮ` (Bexsero) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ኣብ`ዚ ገጽ መርበብ እዚ ንተሓከምቲ እተዳለወ በራሪ ጽሑፍ ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም፦
www.medicines.org.uk/emc/product/5168/pil.

## ከመይ ዝኣመሰሉ ክታበታት እዮም ኣብ ጠቕሚ ክውዕሉ?

ንደቅኹም ሓደ እተሓናፈጸ ዓቐን/ዶዝ ክታበት ናይ Hib/MenC ከምኡውን ኣበራታዒ ዓቐን/ዶዝ ናይ ክታበት MenB ክወሃቦም እዩ። እዞም ክታበታ እዚኣቶም ኣብ ስጋ ናይ ሰለፍ ወይ ላዕልዋይ ቅልጽም እዮም ክወሃቡ።

## ስለምንታይ እዩ - ደቅና ኣበራታዕቲ ክታበታት ክወስዱ ኣድላዪ ዝኾውን?

ኣበራታዕቲ ክታበታት፡ ነቲ ብክታበታታት ድሮ ተጠርዩ ዝጸንሐ ዓቕሚ ተጻዋርነት ሕማማት ናይ ህጻናት ደቅና ንምድራዕ ተባሂሎም እዮም ዝወሃቡ። እቲ ብመገዲ እቶም ኣብ እዋን ዕሸልነት ናይ ህጻናት ዝወሃቡ ክታበታት ዝጥረ ተጻዋርነት ናይ ሕማማት ምስ ግዜ ክደክም ይኽእል እዩ። ናይ መባራትዒ ክታበት ዓቐን/ዶዝ፡ ኣካላትና ዝህልዎ ተጻዋርነት ናይ ሕማማት፡ ክሳብ መወዳእታ ዕድሜና ከምዝጸንሕ ይገብር።

## ንክታበት Hib/MenC ይኹን MenB ጐድናዊ ሳዕቤናት ክህልውዎ ድዮም?

ደቅና መርፍእ ኣብ ዝተወግኡ ክፋላት ናይ ኣካላቶም ምቕያሕ ቈርበት፡ ሕበጥ ድዩስ ምትንካፍ ዘሰዕቦ ናይ ምቕንዛው ስምዒት ክረኣዮም ዝከኣል እዩ። ኣብ ኣስታት ፍርቂ ናይ`ቶም ዝኽተቡ ህጻናት ናይ ቀጨውጨው ስምዒት ክረአ እንከሎ፡ ገለ ድማ መጠነኛ ረስኒ ኣካላት የርእዩ። ብዛዕባ እዚ፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ካብ ዝኾነ ዶክተርኩም፡ ብነርሳት ኣገልግሎት ሕክምና ካብ ዝህብ ትካል (ፕራክቲስ ነርስ) ወይ ካብ ዝበጽሓኩም በዓል-ሞያ-ጥዕና ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



## ሕማም ኒሞኮካል እንታይ እዩ?

ሕማም ኒሞኮካል ሓደ ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ባክተርያዊ መኒንጃይቲስ ናይ ህጻናት ክኸውን እንከሎ፡ ምምራዝ ደም፡ ኒሞንያ፡ ረኽሲ እዝኒ (ኦቲቲስ ሚድያ)ን ካልኦት ከበድቲ ሕማማትን እውን የስዕብ እዩ። ልዕሊ 90 ዓይነት ዝተፈላለዩ ባክተርያ ኒሞኮካል እዮም ዘለዉ።

## ከመይ ዝኣመስለ ክታበታት እዩ ኣብ ጠቕሚ ክውዕል?

ኣብ ጠቕሚ ዝውዕል ክታበት፡ ኣበራታዒ ክታበት ናይ PCV13 (እተዳባለቐ ክታበት ኒሞኮካል) ኰይኑ፡ ኣብ ህጻናት ሕማም ኒሞኮካል ከሰዕቡ ካብ ዝኽእሉ 13 ዓይነት ባክተርያ ይከላኸል። እዚ ክታበት እዚ፥ ንኽታበት ኣብ እትቐርቡሉ እዋን ብሓንሳብ ኣብ ስጋ ናይ ሰለፍ ወይ ላዕልዋይ ቅልጽም እዩ ዝወሃብ፤ ማለት ከም ጥምሮኣዊ ክታበት ናይ Hib/MenC ከምኡ'ውን MenB።

## ንክታበት PCV ጐድናዊ ሳዕቤናት ክህልውዎ ድዮም?

ክታበት ካብ ዝወሰዱ 10 ህጻናት፡ ኣብ 1 ወይ 2 ሕበጥ፡ ምቕያሕ ቈርበት ወይ መርፍእ ኣብ እተወግአ ክፍሊ ኣካላት ብምትካፍ ዝስዕብ ቃንዛ ክረአ ዝከኣል እዩ፤ ወይ መጠነኛ ረስኒ ክህሉ ተኽእሎ ኣሎ። ናይ PCV ክታበት `ፕሪቬናር 13` (Prevenar 13) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ኣብ`ዚ ገጽ መርበብ እዚ ንተሓከምቲ እተዳለወ በራሪ ጽሑፍ ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም፦
www.medicines.org.uk/emc/product/453/pil.

## ንፍዮ እንታይ እዩ?

ጠንቂ ንፍዮ፡ ሓደ ኣዝዩ ተላባዒ ዓይነት ቫይረስ እዩ። ዳርጋ ንኹሉ በዚ ቫይረስ እተለኽፈ ሰብ፡ ልዑል ኣካላዊ ረስኒ፡ ሳሓን ሓፈሻዊ ሰምዒት ጽልኣትን ይረኣዮ። እቶም እተሓላለኹ ምልክታት ናይ ንፍዮ ረኽሲ ኣፍ-ልቢ፡ ሕማቕ ኩነተ-ኣእምሮ (ምንፍርፋር ኣካላት)፡ ኢንሶፋላይቲስ (ረኽሲ ሓንጎል)ን ማህሰይቲ ሓንጎልን ካልኦትን እዮም።  ክብድ ኣብ ዝበሉ ተርእዮታት፡ ንፍዮ ቀታሊ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ጽግዕ ወይ ሰኽሰኽታ እንታይ እዩ?

ጠንቂ ጽግዕ - ረስኒ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ከምኡ`ውን ኣቑዛዊ ሕበጥ ጽክታት ገጽ፡ ክሳድን ምንጋጋን ዘስዕብ ዓይነት ቫይረስ እዩ። ነባሪ ጸገም ናይ ምጽማም ኣእዛን፡ ቫይረሳዊ መኒንጃይቲስ ከምኡ`ውን ኢንሶፋላይቲስ (ነድርን ሕበጥን ሓንጎል) ከስዕብ ይኽእል።

## ሩቤላ እንታይ እዩ?

ሩቤላ (ንፍዮ ጀርመን) ቫይረስ-ዝጠንቁ ሕማም እዩ። ኣብ ህጻናት ኩሉ ሳዕ መጠነኛ ኰይኑ፡ ከየስተብሃልናሉ ክሓልፍ እውን ዝከኣል እዩ። ሩቤላ ኣብ እዋን ጥንሲ ምስዘጋጥም ግን ንዘይተወልዱ ዕሸላት ሓደገኛ ክኸውን ዝከኣል እዩ። ንናይ ምርኣይ ኲነ ናይ ምስማዕ ዓቕሞም፡ ከምኡ`ውን ንጥዕና ልቦምን ሓንጎሎምን ብኸቢድ ክሃስዮ ይኽእል እዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ድማ ምስ ኣወላልዳ ዝተኣሳሰር ጸገም ሩቤላ (CRS)።

## ክታበት MMR እንታይ እዩ?

እተዳኸሙ ግን ከኣ ብህይወት ዘለዉ ቫይረሳት ናይ ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን ዝሓዘ እዩ።  እዞም ቫይረሳት እዚኣቶም እተዳኸሙ ስለዝኾኑ፡ ነቲ ክታበት ዝወሰድዎ ሰባት ናብ ካልኦት ሰባት ከመሓላልፍዎም ኣይክእሉን እዮም። ኣብ`ዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ 2 ዓትነት ክታበት MMR ኣለዉ። ክልቲኣቶም ኣዝዮም ውጽኢታውያን እዮም። እቲ ሓደ `ፖርሳይን ጀላቲን` እተባህለ ባእታ ክህልዎ እንከሎ፡ እቲ ካልእ ግን የብሉን።  ደቅኹም ነቲ ካብ `ፖርሳይን ጀላቲን` ናጻ ዝኾነ ክታበት ክወስዱ እንተደሊኹም ብነርሳት ኣገልግሎት ሕክምና ንዝህብ ዝውክለኩም ትካል ወይ ሓፈሻዊ ሓኪም ምስ ዝኾነ ዶክተርኩም ተዛራረቡ።

## እዚ ክታበት እዚ ብኸመይን መዓስን ይወሃብ?

እዚ ክታበታ እዚ ኣብ ሰጋ ናይ ሰለፍ ወይ ላዕልዋይ ቅልጽም እዩ ዝወሃብ። እቲ ህጻናት ካብ ኣደታቶም ኣጥሪዮሞ ዝጸንሑ ተጻዋርነት ናይ ሕማማት ምስኣንቈልቈለ፡ ማለት ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዕድሚኦም እዩ ዝወሃብ።  ደቅኹም ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ ከባቢ መበል 3 ዓመትን 4 ኣዋርሕን ዕድሚኦም፡ እንደገና ካልኣይ ዓቐን/ዶዝ ናይ`ዚ ክታበት ክወስዱ ይግባእ።

## ክታበት MMR ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ?

ክታበት MMR፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ኣብ ዓመተ-1988 ካብ እተኣታተወሉ እዋን ክሳብ ሕጂ፡ ነዞም ሕማማት እዚኣቶም ዳርጋ ምሉእ-ብምሉእ ንምጥፋኦም ኣኽኢሉ እዩ።

## ንክታበት MMR ጐድናዊ ሳዕቤናት ክህልውዎ ድዮም?

እዞም ኣብ`ዚ ክታበት እዚ ዝርከቡ እተፈላለዩ ቫይረሳት ኣብ ነንበይኖም እዋናት እዮም ንጡፋት ዝኾኑ። ክንዲ ዝኾነ እቲ ቀዳማይ ዓቐን/ዶዝ ክታበት ድሕሪ ምውሃቡ፡ እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ጐድናዊ ሳዕቤናት ክረኣዩ ተኽእሎ ኣሎ፦

- ክታበት ምስተዋህበ፡ እቲ ንንፍዮ ዝምልከት ክፋል ክታበት 6 ክሳብ 10 መዓልትታት ጸኒሑ ክሰርሕ ኣብ ዝጅምረሉ፡ ካብ 10 ክቱባት ህጻናት ኣብ ሓደ፡ ረስኒ ክረአ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ገለ ህጻናት ድማ ናይ ንፍዮ-መሰል ሳሓ ክኽሰትን ተርእዮ ምእባይ መግቢ ክህሉን ዝከኣል እዩ።
- ብገምጋም፡ ሓደ ካብ 1,000 ክቱባት ህጻናት ረስኒ-ዝጠንቁ ሕማቕ ኩነተ-ኣእምሮ ክረኣዮ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ድማ `ብኣካላዊ ረስኒ ዝስዕብ ምንፍርፋር ኣካላት` ተባሂሉ ይጽዋዕ። ይኹን`ምበር፡ እቶም ክታበት ከይወሰዱ ጸኒሖም ብንፍዮ ዝተሓዙ ህጻናት እዚ ሕማቕ ኩነተ-ኣእምሮ ክረኣዮም ዘለዎ ተኽእሎ ብ 3 ዕጽፊ ዝዛየደ እዩ።
- ክታበት MMR ምስተዋህበ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙናት፡ ማለት እቲ ንጽግዕ ዝምልከት ክፋል ክሰርሕ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን፡ ገለ ህጻናት ናይ ጽግዕ-መሰል ምልክታት ክረኣይዎም ተኽእሎ ኣሎ (ኣካላዊ ረስንን ሕበጥ ጽክታትን)።

---

**MMR ምውሳድ፡ እቲ ዝበለጸ ንደቅና**

ካብ ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን

ክንከላኸለሉ እንኽእል ውሑስ ኣገባብ እዩ።

- ሳሕቲ፡ ክታበት ምስተዋህበ 6 ሰሙናት ጸኒሑ፡ ኣብ ህጻናት ዕንፍሩር-መሰል ዘውጽእ ሳሓ ቈርበት ክህሉ ዝከኣል እዩ። እዚ፡ ኩሉ ሳዕ፡ እቲ ንንፍዮን ሩቤላን ዝምልከት ክፋል ናይ`ዚ ክታበት እዚ ዘንቅሎ እዩ። ከም`ዚ ዝኣመሰለ ኣብ ቈርበት ሽፍ ዝብል ነገር ምስእንዕዘብ፡ ደቅና ንኽምርመሩ ናብ ዶክተር ንውሰዶም። ዶክተርኩም ነዚ ናይ ቈርበት ዕንፉሩር ብኸመይ ከምእትሕዝዎ፡ ከምኡ`ውን ንደቅኹም ኣብ መጻኢ ብኸመይ ውሑሳት ከምእትገብርዎም ክሕብረኩም እዩ።
- ክታበት MMR ድሕሪ ምውሃቡ፡ ካብ ሓደ ሚልዮን ህጻናት ትሕቲ ሓደ፡ ኢንሶፋላይቲስ (ነድርን ሕበጥን ሓንጎል) ከማዕብል ተኽእሎ ኣሎ። ይኹን`ምበር፡ ሓደ ህጻን ከይተኸትበ ጸኒሑ ንፍዮ ምስዝሕዞ ኢንሶፋላይቲስ ንኸማዕብል ዘለዎ ተኽእሎ፡ ብገምጋም “ሓደ ካብ 200” ክሳብ “ሓደ ካብ 5,000” እዩ ዝበጽሕ።

## ደቅና ምስ እንቋቑሖ ዝተሓሓዝ ጸገም ኣካላዊ ቍጥዐ ምስዝህልዎም ከ?

ክታበት MMR፡ ምስ እንቋቑሖ ዝተሓሓዝ ከቢድ ጸገም ኣካላዊ ቍጥዐ (anaphylactic reaction) ንዘለዎም ህጻናት እውን ውሑስ ብዝኾነ መገዲ ክወሃቦም ዝከኣል እዩ። ዝኾነ ይኹን ሰክፍታ ምስዝህልወኩም፡ ንዝበጽሓኩም በዓል-ሞያ-ጥዕና፡ ብነርሳት ኣገልግሎት ሕክምና ንዝህብ ዝውክለኩም ትካል (ፕራክቲስ ነርስ) ድዩስ ንዶክተርኩም ኣዘራርቡ።

## ክታበት MMR ትሕቶ ጀላቲን ኣለዎ ዶ?

ኣብ`ዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ 2 ዓትነት ኣዝዮም ውጽኢታውያን ክታበት MMR ኣለዉ። እቲ ሓደ ጀላቲን ክህልዎ እንከሎ፡ እቲ ካልእ ግን የብሉን። ድልየትኩም፡ ደቅኹም `ፖርሳይን ጀላቲን` ዘይብሉ ክታበት ክወሰዱ እንተኾይኑ፡ ብነርሳት ኣገልግሎት ሕክምና ንዝህብ ዝውክለኩም ትካል (ፕራክቲስ ነርስ) ድዩስ ንዶክተርኩም ኣዘራርቡ። ኣብ`ዚ ገጽ መርበብ እዚ ን MMR ዝምልከቱ በረርቲ ጽሑፋት ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም፦

**ፕራዮሪክስ/Priorix:**
www.medicines.org.uk/emc/product/1159/pil

**MMRVAXPRO:**
www.medicines.org.uk/emc/product/6307/pil

## ካብ መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል)፡ ከምኡ`ውን ሰፕቲሰሚያ (ምምራዝ ደም) ተጠንቀቑ

መኒንጃይቲስ ከምኡ`ውን ሰፕቲሰሚያ ኣዝዮም ሓደገኛታት እዮም። ኣንፈታቶምን ምልክታቶምን ምጽናዕ፡ ምልክታት ምስእትርኢ ድማ እንታይ ክትገብር ከምዝግባእ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ናይ ፈለማ ምልክታት መኒንጃይቲስ ይኹን ሰፕቲሰሚያ ምስ ናይ ሰዓል ወይ ኢንፍሉዌንዛ (ረስኒ፡ ተምላስ፡ ቀጨውጨውን ዓቕሊ ጽበትን) ተመሳሰልቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ይኹን`ምበር፡ ብመኒንጃይቲስ ወይ ሰፕቲሰሚያ እተታሕዙ ሰባት ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት ብኸቢድ ዝሓሙ ተኽእሎ ኣለዎም። ክንዲ ዝኾነ፡ ንኣንፈታትን ምልክታትን ናይ`ዚ ተርእዮ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።



## መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል) እንታይ እዩ?

መኒንጃይቲስ ረኽሲ ናይ ሽፋን ሓንጎል እዩ። መኒንጃይቲስ ከም ሳዕቤን ናይ እተፈላለዩ ዓይነት ባክተርያ ወይ ቫይረስ ክኸሰት ይኽእል።

መልከፍቲ ባክተርያ መኒንጎኮካል መኒንጃይቲስ፡ ሰፕቲሰሚያ (ምምራዝ ደም)፡ ፐሪካርዳይቲስ (ነድሪ ሽፋናዊ ከረጺት ልቢ)፡ ከምኡውን ኣርትራይቲስ (ሕበጥ መላግቦታት ኣካላት) ከስዕብ ይኽእል።

እቶም ቀንዲ ምልክታት መኒንጃይቲስ ኣብ ህጻናት፡ እዞም ቀጺሎም ተጠቒሶም ዘለዉን ካልኦትን እዮም፦

- ውጫጪ ዘለዎ ቍዝማዊ ብኽያት
- ሓፍ ከተብሎም እንከለኻ ምኒን/ቀጨውጨው ይብሉ
- ንደገ ውጽእ ዝበለ ሕበጥ መንበሰበሰታ
- ትኽስታን ትሑስ ኣካላዊ መልሰ-ግብሪን – ካብ ድቃስ ከተተንስኦም ኣጸጋሚ ይኸውን
- ወላእላእ ምባልን ቋሕመም ምባልን
- ብፈግታዊ ምንቅስቓሳትን እተሰነየ ዘይተዓጻጸፍ ኣካላት (ምንፍርፉራት/ሕማቕ ኲነተ-ኣእምሮ)
- መግቢ ምሕሳም፡ ተምላስ
- ቅሕቱው፡ ሕፍቲ ዝመልኦ ወይ ናብ ሰማያዊ ዝኸደ ሕብሪ ዘለዎ ቈርበት
- ኣካላዊ ረስኒ

## ሰፕቲሰሚያ (ምምራዝ ደም) እንታይ እዩ?

ሰፕቲሰሚያ ደም ናይ ኣካላት ኣብ መልከፍቲ ዝወድቀሉ ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ከም ዛሕሊ ግምቦታት ኣእዳውን ኣእጋርን፡ ምቕሕታው ቈርበት፡ ተምላሰን ብዝሒ ድቃስን ወይ ካብ ድቃስ ናይ ምብርባር ጸገም ዝኣመሰሉ ምልክታት ቀልጢፎም ክረኣዩ ይኽእሉ። ሰፕቲሰሚያ ኣጋጢሙ ከይከውን ምስእትጥርጥሩ፡ ብህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ከምዝርከብ ግበሩ።

ኣብ ህጻናት፡ እቶም ቀንዲ ምልክታት ሰፕቲሰሚያ እዞም ቀጺሎም ተጠቒሶም ዘለዉን ካልኦትን እዮም፦

- ቅልጡፍን ዘይንቡርን ተርእዮ ኣተናፍሳ
- ቅሕቱው፡ ሕፍቲ ዝመልኦን ናብ ሰማያዊ ዝኸደ ሕብሪ ዘለዎን ቈርበት
- ብዛሕሊ ግምቦታት ኣእዳውን ኣእጋርን እተሰነየ ኣካላዊ ረስኒ
- ምንቅብቃብ
- ተምላሰን መግቢ ምሕሳምን
- ቀይሕ ወይ ሊላ ሕብሪ ዘለዎም ብኢድ ተጸቒጦም ዘይብተኑ ነጥብጣባት ናይ ቈርበት (ከም`ቲ ኣብ ዝሰዕብ ገጽ መብርሂ ተዋሂቡሉ ዘሎ፡ `ናይ ብኬሪ መርመራ` ግበሩ)*
- ቅርጥማት ዘንቀሎ ቃንዛ ወይ ናይ ቀጨውጨው ሰምዒት፡ ወይ ድማ ከቢድ ቃንዛ መሓውር ወይ መላግቦታት
- ወላእላእ ምባል
- ከቢድ ካብ ድቃስ ናይ ዘይምትንሳእ ጸገም

ነፍሲወከፍ በዚ ሕማም እተለኽፈ ሰብ ንኹላቶም እዞም ምልክታት የርእይ ማለት ከምዘይኮነ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንሓደ ሰብ ገለ ካብ`ዞም ምልክታት እዚኣቶም፡ ብፍላይ ድማ ቀይሕ ወይ ሊላ ሕብሪ ዘለዎም ነጥብጣባት ናይ ቈርበት ምስዝረኣይዎ፡ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ረድኤት ክረክብ ይግባእ። ንዶክተራትኩም ክትረኽብዎም ምስዘይትኽእሉ ወይ ምኽሪ ተለጊሱልኩም ክነሱ ገና ዘሻቕለኩም ነገር ምስዝህሉ፡ ውሽጥኹም ከምዝነገረኩም ንደቅኹም ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ናይ`ቲ ዝቐርበኩም ሆስፒታል ውሰድዎም።

* ብዛዕባ ምጽላም ቈርበት ዝመጸ፡ ኣብ`ቶም ዝያዳ በሰላ ክረኣየሎም ዝኽእል ክፋላት ኣካላት፡ ማለት ኮቦሮ ዓይንን ትንሓግን ተዓዘቡ።



### ‘ናይ ብኬሪ መርመራ`

ጽሩይን ብንጹር ዝርእይን ብኬሪ ናይ ማይ ወሲድኩም፡ ነቲ ሕብራዊ ነጠብጣባት ሽፍ ዝበልዎ ቈርበት ብጐድኒ ጽቕጥዎ እሞ፡ እቲ ሕብሪ ምስተጸቕጠ ዝሃሰሰን ዝጠፍእን እንተኾይኑ ተዓዘቡ። ሕብሪ ምስዘይቅይር፡ ተቓላጢፍኩም ንዶክተርኩም ተወከሱ።

## ካበይ ኢኹም ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ እትኽእሉ?

እዘን ቀጺለን ተዘርዚረን ዝርከባ ትካላት ግብረ-ሰናይ ሓበሬታ፡ ምኽርን ደገፍን ይህባ፡-

**ውድብ ሰነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ መኒንጃይቲስ**
ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ 080 8800 3344
(9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ 10፡00 ድ.ቀ. - ኣብ መዓልትታት ስራሕ ናይ ሰሙን10፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ 8፡00 ድ.ቀ. - ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን በዓላትን) www.meningitis.org

**መኒንጃይቲስ ናው/Meningitis Now**
ን24 ሰዓታት ዝሰርሕ ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ
0808 80 10 388 - www.meningitisnow.org

ምኽሪ ንምርካብ ንዶክተርኩም፡ ንዝበጽሓኩም በዓል-ሞያ-ጥዕና ወይ ብነርሳት ኣገልግሎት ሕክምና ንዝህብ ዝውክለኩም ትካል (ፕራክቲስ ነርስ) ክትውከሱ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ናብ ኤን.ኤች.ኤስ./**NHS** ብቝጽሪ ተሌፎን **111**ደውሉ።

**ወለዲ ይኹኑ ኣለይቲ ብዛዕባ ዝጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበታትን መድሃኒታትን ዝመጸ፡ ብመገዲ ውጥን ብጫ ካርድ ኣቢሎም ክሕብሩ ይኽእሉ እዮም።**

እዚ ድማ ናብ
**yellowcard.mhra.gov.uk**
ብምእታው ብቐጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ወይ ድማ ናብ ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ ናይ የሎው-ካርድ ማለት ናብ **0800 731 6789**ብምድዋል ክፍጸም ይከኣል። ብዘይካ`ዚ፡ ናይ ኪው-ኣር ኮድ ክትጥቀሙ ወይ ናይ የሎው-ካርድ መተግበሪ ኣውሪድኩም ክትጽዕኑ ትኽእሉ ኢኹም።

SCAN ME

# ካብ ለካቲት 2022 ንዳሓር ብስሩዕ ዝሰላሰል ፕሮግራም ክታበት ህጻናት

| መዓስ | ክታበት እተዋህበሎም ሕማማት | እተዋህበ ክታበት |
|---|---|---|
| ናይ ሸሞንተ ሰሙናት ዕድመ | ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (Diphtheria)፡ ቴታኑስ፡ ፔርቱሲስ (ሑእታዊ ሰዓል)፡ ፖልዮ፡ ኢንፍሉዌንዛ ሄሞፊለስ ዓይነት-b (Hib)፡ ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB ወይ ጥምሮ ናይ 6-ክታበታት-ኣብ-ሓደ (6-in-1 vaccine) |
| | ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-B (MenB) | MenB |
| | ሮታቫይረስ ዝጠንቁ ውሽጣዊ ነድሪ ከስዐን መዓናጡን (Rotavirus gastroenteritis)[4] | ሮታቫይረስ |
| ናይ ዓሰርተ-ክልተ ሰሙናት ዕድመ | ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (Diphtheria)፡ ቴታኑስ፡ ፔርቱሲስ (ሑእታዊ ሰዓል)፡ ፖልዮ፡ ኤች.ኣይ.ቢ. (Hib) ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB |
| | ኒሞኮካል (13 ዓይነት ጅር) | ጥሙር ክታበት ኒሞኮካል (PCV) |
| | ሮታቫይረስ[4] | ሮታቫይረስ |
| ናይ ዓሰርተ-ሽዱሽተ ሰሙናት ዕድመ | ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (Diphtheria)፡ ቴታኑስ፡ ፔርቱሲስ (ሑእታዊ ሰዓል)፡ ፖልዮ፡ ኤች.ኣይ.ቢ. (Hib) ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB |
| | MenB | MenB |
| ናይ ሓደ ዓመት ዕድመ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዕድመ ናይ ህጻን ወይ ደድሕሪኡ | Hib ከምኡ'ውን MenC | Hib/MenC |
| | ኣበራታዒ ክታበት ናይ ኒሞኮካል | PCV |
| | ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን (ንፍዮ ጀርመን) | MMR[2] |
| | MenB | ኣበራታዒ ክታበት ናይ MenB |
| ብሕክምና ህጻናት ቅቡል ዝኾኑ ክሊ ዕድመ[1] | ኢንፍሉዌንዛ (ዓመታዊ ካብ ወርሒ መስከረም ንዳሓር) | LAIV[2,3] |
| ናይ ሰለስተ ዓመታትን ዓሰርተ-ሽዱሽተ ሰሙናትን ዕድመ ወይ ደድሕሪኡ | ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (Diphtheria)፡ ቴታኑስ፡ ፔርቱሲስ (ሑእታዊ ሰዓል) ከምኡ'ውን ፖልዮ | dTaP/IPV |
| | ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን | MMR (ኣብ'ቲ ቀዳማይ እተዋህበ ዓቐን/ዶዝ ምልክት ግበሩ)2 |
| ካብ ዓሰርተ-ክልተ ክሳብ ዓሰርተ-ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣወዳትን ኣዋልድን | ገለ ንሰብ ዘጥቅዑ ፍሉያት ዓይነት ቫይረሳት-ፓፒሎማ (HPV) ዝጠንቁ መንሽሮን ጡብ-ኣድጊ ናይ ብልዕትን | HPV (ኣብ ናይ 6-24 ኣዋርሕ ፍልልይ ዝወሃቡ ክልተ ዓቐናት/ዶዛት) |
| ደቂ ዓሰርተ-ኣርባዕተ ዓመት (ተማሃሮ 9ይ ክፍሊ) | ቴታኑስ፡ ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (Diphtheria) ን ፖልዮን | Td/IPV (ኣብ ናይ MMR ኩነተ-ሃለዋት ምልክት ግበሩ) |
| | ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-A፡ C፡ W ከምኡ'ውን Y | MenACWY |

**[1]** ናብ'ዚ ዝሰዕብ ገጽ መርበ ብብምእታው ምዕራፍ 19 ናይ ሓምላይ መጽሓፍ (Green Book) ተመልከቱ፡- www.gov.uk/government/publications/influenza-the-green-book-chapter-19 ወይ www.nhs.uk/conditions/vaccinations/child-flu-vaccine። **[2]** ዓቕሙ እተነከየ ቀጥታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ (LAIV) ከምኡ'ውን ሓደ ካብ'ቶም ክልተ ዓይነት ክታበት MMR `ፖርሳይን ጀላቲን` ዝሓዘ እዩ። **[3]** LAIV (ዓቕሙ እተነከየ ቀጥታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ) ተመራጺ ምስዘይከውን እሞ ዝምልከቶ ህጻን ካብ'ቶም ንሓደጋ እተቓልዑ ዓይነት ሰባት ምስዝኸውን፡ ዘይንጡፍ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክንጥቀም ይግባእ። **[4]** ናይ ሮታቫይረስ ቅድሚ ምሃብና፡ ውጽኢት መርመራ ናይ SCID ንርአ።

# ምስ`ዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ዝተኣሳሰሩ ጥዕናዊ ጸገማት ንዘለውዎም ሰባት ዝወሃቡ ተወሰኽቲ ክታበታት

| ጥዕናዊ ጸገም | ክታበት እተዋህበሎም ሕማማት | ዘድሊ ክታበት |
|---|---|---|
| ኣስልሊንያ ወይ ንጥፈት-ኣልቦነት ናይ ላልሽ (እንተላይ ሕማም ማዕጺዳዊ ዋህዮ/ sickle cell ከምኡ`ውን ሕማም ከርሲ/coeliac disease) | ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-A፡ B፡ C፡ W ከምኡ`ውን Y<br>ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | MenACWY<br>MenB<br>PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ኣብ ውሽጢ እዝኒ (ኮክሊያ) ዝሰኩዑ | ኒሞኮካል | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር) |
| ሕዱራት ሕማማት ሰርዓት-ትንፋሰን ልብን (ከም ከቢድ ኣዝማ፡ ሕዱር ሕማም ሰርዓት-ትንፋሰን ነባሪ ድኻም ልብን ዝኣመሰሉ) | ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ሕዱራት ሕማማት ሰርዓት-መትኒ (ከም ሕማም ፓርኪንሶን ወይ መትኒ-ንጥፈታዊ ሕማም፡ ወይ ድማ ግንዛበኣዊ ሰንክልና ዝኣመሰሉ) | ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ሕማም ሽኮር | ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ሕዱር ሕማም ኩሊት (CKD) (including haemodialysis) | ኒሞኮካል (ደረጃ 4ን 5ን CKD)<br>ኢንፍሉዌንዛ (ደረጃ 3፡ 4ን 5ን CKD)<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B (ደረጃ 4ን 5ን CKD) | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሕዱራት ሕማማት ወይቦ(ጸላም ከብዲ) | ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-A<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-A<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሄሞፊልያ (ዘይመርጋእቲ ናይ ደም) | ሕማም ወይቦ ዓይነት-A<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | ሕማም ወይቦ ዓይነት-A<br>ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሕማም ወይ ፍወሳዊ መሰርሕ ዝጠንቁ ምድካም ሰርዓት-ምክልኻል ናይ ኣካላት (ትሑት ተጻዋርነት ናይ ሕማማት)[2] | ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[1,3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ምዝባዕ ነዝዒ ሰርዓት-ምክልኻል ናይ ኣካላት (እንተላይ እቶም ብትከተ-ኣካላዊ-ንጥፈት ዘለዎ መሰርሕ ፍወሳ ዝግበረሎም ሰባት) | ሕማም መኒንጎኮካል ግሩፕ-A፡ B፡ C፡ W ከምኡ`ውን Y<br>ኒሞኮካል<br>ኢንፍሉዌንዛ | MenACWY<br>MenB<br>PCV13 (ክሳብ ዓሰርተ ዓመት-ንዝዕድሚኦም)[3]<br>PPV (ካብ ካልኣይ ዓመት ዕድመ ንዳሓር)<br>ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |

**[1]** ከቢድ ምድካም ሰርዓተ-ምክልኻል ናይ ኣካላት (ትሑት ተጻዋርነት ናይ ሕማማት) ንዘለዎ - ኣብ ዝኾነ ይኹን ክሊ ዕድመ ዝርከብ ሰብ **[2]** ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ከምኡ ዓይነት ኩነታት ንዘለዎም ሰባት ዝኣልዩን፡ ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክወስዱ ከምዘለዎም ኣብ ግምት ኣእትውዎ **[3]** ዕድሚኦም ካብ ክልተ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ምስዝኾውን እሞ ኣንጻር ረኽሲ ኒሞኮካል ዘይተኸትቡ ወይ ከፊላዊ ክታበት ጥራይ ዝወሰዱ ምስዝኾኑ፤ ሓደ ዓቐን/ዶዝ ናይ PCV13።

# ፈሊኻ ዝካየድ ፕሮግራም ክታበት ህጻናት

| ኣተኩሮ ዝግበረሎም ጉጅለ ሰባት | ዕድመ ከምኡ`ውን ሰሌዳ ግዜ ንጥፈታት | ሕማም | ዘድሊ ክታበት |
|---|---|---|---|
| ብሕማም ወይቦ ዓይነት-B እተለኽፉ ኣዴታት ዝወልዳኦም ህጻናት | ኣብ እዋን ምውላዶም፡ ኣርባዕተ ሰሙናት ምስመልኡ፡ ከምኡ`ውን ደቂ-12-ኣዋርሕ ምስኮኑ[1,2] | ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | ሕማም ወይቦ ዓይነት-B (Engerix B/ HBvaxPRO) |
| ተርእዮታት ሕማም ቲቢ ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ሃገር ዝርከቡ ህጻናት ≥ 40/100,000 | ድሕሪ ምውላዶም ኣስታት 28 መዓልትታት ጸኒሒካ[4] | ትዩበርኩሎሲስ | ቢ.ሲ.ጂ./BCG |
| ልዑል መጠን ተርእዮ ኣብ ዘለዎ ክፋል ሃገር እተወልደ ወላዲ ወይ ኣቦ-ወላዲ ዘለዎም ዕሸላት[3] | ድሕሪ ምውላዶም ኣስታት 28 መዓልትታት ጸኒሒካ[4] | ትዩበርኩሎሲስ | ቢ.ሲ.ጂ./BCG |
| ነፍሰ-ጾራት | ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ጥንሲ - ኣብ`ቲ ኢንፍሉዌንዛ ዝረኣየሉ ወቕቲ<br><br>ካብ መበል 16 ሰሙን ናይ ዕድመ ጥንሲ[5] | ኢንፍሉዌንዛ<br><br>ፔርቱሲስ (ሑእታዊ ሰዓል) | ዘይንጡፍ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ<br><br>dTaP/IPV<br><br>(Boostrix-IPV) |

**[1]** ተኽእሎ ረኽሲ ንምውጋድ፡ ን HBsAg ዝኸውን ደም ኣብ መበል 12 ወርሒ ውሰዱ **[2]** ኣብ ርእሲ እዚ፡ ጥምሮ ናይ 6-ክታበታት-ኣብ-ሓደ (6-in-1 vaccine) ኣብ መበል 8፡ 12ን 16ን ሰሙን ይወሃብ እዩ፡ ማለት **[3]** ዓመታዊ ተርእዮ ናይ ሕማም ቲቢ ≥ 40/100,000 ኣብ ዝኾነሉ – ኣብ`ዚ ተመልከቱ፦ gov.uk/government/publications/tuberculosis-tb-by-country-rates-per-100000-people **[4]** ቅድሚ ምውሃብ BCG ውጽኢት መርመራ SCID ፈትሹ **[5]** ከም ልሙድ ድሕሪ ናይ ዘይንቡርነት/anomaly ስካን እዩ ዝትግበር

ኣፍላዪ
**ትካል ድሕነት ጥዕና ዓዲ-እንግሊዝ**
**(UK Health Security Agency)**

© Crown copyright 2022
2022QG1TYA 1p 500K JUN 2022 Tigrinya
ቍጽሪ ገይትወይ ናይ ትካል ድሕነት ጥዕና ዓዲ-እንግሊዝ፦ 2022599

ቀዳማይ ሕታም ዝወጽኣሉ ዕለት፦ ታሕሳስ 2019።

ተወሰኽቲ ቅዳሓት ናይ`ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ምዘድልዩኹም፡ ብኽብረትኩም ናብ www.healthpublications.gov.uk ብምእታው ን መስመር ትእዛዝ ጥዕናዊ ሕታማት ተወከሱ። Ph1፦ 0300 123 1002. ሚኒኮም/Minicom፦ 0300 123 1003 (8፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ 6፡00 ድ.ቀ. - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)።

ብኽብረትኩም ነዚ ዝስዕብ ኮድ ፍርያት ተጠቐሙ፦ 2022QG1TYA Tigrinya

**www.nhs.uk/vaccinations**